# ምዕባለታት ውሉድኩም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ



SOLLENTUNA KOMMUN

www.sollentuna.se



# ናይ ቆልዑ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ኣብ ቅድመ ትምህርቲ እዩ ዝጅምር

**ኣተክሮ ኣብ ጸወታ እናገበርና፡ ናይ ቋንቋ፡ ቁጽሪ፡ ስነ ፍልጠት ከምኡ'ውን ዲጂታላዊ መሳርሒታት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ንድህስስ። ብዝተፈላለየ ኣገባባት ብምብህሃል ከም ብመገዲ ምስሊታት፡ ቅርጺታት፡ ሙዚቃ፡ መዘሙራት፡ ድራማ ከምኡ'ውን ምንቅስቓስ፡ እቶም ቆልዑ ከባቢኦም ንኽገልጹ ዕድል ይረኽቡ። ዓው ኢልካ ምንባብ ንቆልዑ ከምኡ'ውን ሓቢርካ ብዛዕባ'ታ መጽሓፍ ምዝርራብ ማለት ንሕና ናይቶም ቆልዑ ውህሉል ቃላትን ናይ ኣእምሮኣዊ ስእልን ኣብ ድሕነት ዘለዎን ናይ ትምህርቲ ከባብን ነማዕብል።**

## ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ምምሃር

ቅድመ ትምህርቲ መስሓኽ፡ ድሕነት ዘለዎ ከምኡ'ውን ትምህርታዊ ቦታ ንቆልዑ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ንሕና ንምብህሃል ብዝተፈላለየ መገዲ ምስ ጸወታ፡ ቁጽሪ፡ ስነ ፍልጠትን ኤለክትሮኒካዊ ናውትን ነበራር።

ህንጡይነት ከምኡ'ውን ድሌት ናይ ምምሃር መሰረት ናይ ትምህርቲ ኮይኑ ጸወታ ዝመልኦ ምኺኑ ድማ እቲ ኣተክሮ ዝወሃቦ እዩ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ቆልዑ ብዝተፈላለየ ንዋት ከምኡ'ውን ኣገባባት ተጠቒሞም ዕድል ናይ ምህናጽ፡ ምቕራጽ ከምኡ'ውን ምፍጣር ይረኽቡ።

## ትምህርቲ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክኸውን ኣለዎ፡

- መሃዝነት፡ ህንጥዮት ከምኡ'ውን ርእሰ ተኣማንነትን እቲ ቆልዓ ኣሐይሉ፡
- እቲ ቆልዓ ንኻልኦት ድንጋጸን ሓልዮትን ከማዕብል ሓግዞ፡
- ንቆልዑ ኣገዳስነት ቀጻልነት ዘለዎ ምዕባለ መሃሮም፡
- ንቆልዑ ብዛዕባ ዲሞክራሲ ዘለዎም ምርዳእ መሰረት ኣንብር፡
- ንቆልዑ ብዛዕባ ብዙሕነት ልዑል ምርዳእ ሃቦም፡
- ንቆልዑ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት መሃሮም፡

## ኣብ ሶለንቱና ናይ ቅድመ ትምህርቲ ህጻናት ሽቶታት

- ልዑል ስነ-ምምህርናዊ ብቕዓት፡ ቅድመ ትምህርቲ ናይ ነዊሕ ህይወት ናይ ትምህርቲ መሰረት እዩ። ኣብዚ ቆልዑ መዓልታዊ ትምህርቲ ይረኽቡ፡ ኣብ ሓልዮት፡ ምዕባለ ከምኡ'ውን ትምህርቲ ዘተኮረ ከባቢ።
- ድሕነት፡ ኩሎም ቆልዑ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ድሕነት ክስምዖም ኣለዎ።

## ምዕባለ ቋንቋ ብሓባር

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ ውላድኩም ምስ ካልኦት ቆልዑ ከምኡ'ውን ብቁዕ ስነ-ምምህርናን እዩ ዝምዕብል። ንሕና ውን ብተወሳኺ ምሳኹም ወለዲ/መጉዚ/ት ጥቡቕ ዝምድና ንዕቅብ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ውላድኩም ቋንቋ ስዊድን ንክዛረብ ከምኡ'ውን ንኽርዳእን ኩነታት ንፈጥር። ከም ወላዲ፡ ኣብ ገዛ ብትጥቀምሉ ቋንቋ ተጠቂምኩም ክትዛረብዎምን መጻሕፍቲ ከተንብብሎምን ትኽእሉ ኢኹም። ሓቢርና ንውላድኩም ቋንቁኦም ከማዕብሉ ንሕግዞም።



## ትፈልጥ'ዶ፧

- እቶም ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝመሃሩ ህጻናት፡ መባእታዊ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ ናይ ፍልጠት ብልጫ ኣለዎም።
- እቶም ቋንቋ ስዊድን ከም ቋንቋ ኣዲኦም ዘይኮነ ቆልዑ፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ቋንቋ ስዊድን ይኹን ቋንቋ ኣዲኦም ከማዕብሉ ዕድል ይውሃቦም።

## ዓው ኢልካ ምንባብ ባህርያዊ ክፋል እዩ

ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ ብዙሕ ግዜ ምስቶም ቆልዑ ዓው ኢልና ነንብብ ኢና። ብድሕሪኡ ነታ ዘንበብናያ መጽሓፍ ንመያየጠላ፡ እቶም ቆልዑ ሓድሽ ተመክሮታት ክህዎም ይኽእል። እቶም ቆልዑ ምስ የዕርኽቶምን መምህሮምን ዘለዎም ኣረእእያ የስፍሑ።
ዘለዎም ኣእምሮኣዊ ስእሊ፡ ኣደማምጻ ከምኡ'ውን ውህሉል ቃላት የማዕብሉ። እዚ ከኣ ብተወሳኺ ነቶም ቈልዑ ሓሳባቶምን ኣረኣእይኦም ንኺገልጹ ሓይሊ ይህቦም።

## ተወሳኺ ከተንቡቡ ትደልዩ'ዶ፧

ብኽብረትኩም ኣብ ሶለንቱና ቅድመ ትምህርቲ መጺኹም ብጽሑና፡ www.sollentuna.se/forskola--skola/Forskola/forskolor/

ስርዓተ ትምህርቲ ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ናይ ሽወደን ሃገራዊ ወኪል ትምህርቲ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቦ ትኽእል፡ www.skolverket.se/undervisning/forskolan/laroplan-for-forskolan

# እንቋዕ ናብ ሶለንቱና ቅድመ ትምህርቲ ብሰላም መጺኹም!

ኣብ ምምሕዳር ሶለንቱና፡ ሸቶና ናይ ሽወደን ዝበለጸ ኣብያተ ትምህርቲ ክህልዋ እዩ። እቲ ናብዚ ዝመርሕ መገዲ ድማ እቲ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞ ኢልና ንጽውዖ። ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ናይ ቆልዑ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ዝጀመረ ጉዕዞ። ቅድመ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ሓደ ግድል ኣብ ናይ ቆልዑ ትምህርትን ምዕባለን እዩ። ኣብ ናይ ቆልዑ ቋንቋ ድሮ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ክንሰርሕ ንጅምር ከምኡ ʼውን ውላድካ ምስ ካልኦት ቆልዑ ብሓባር ኣብ ትሕቲ ብቑዓት መምሃራን ይምዕብል። ቅድመ ትምህርቲ ኣገዳሲ ቦታ ንኹሎም ቆልዑ እዩ። ኣብኡ ቆልዑ ድሕነት ከምኡʼውን ናይ ትምህርቲ ቦታ ምኧኑን ዝምዕብልሉን ጽቡቕ ስምዒርት ዝረኽብሉን ቦታ ክኸውን ኣለዎ።

Soley Aksöz Lithborn (M) ኣደ መንበር ኮሚቴ ትምህርቲ፡ Linda Ekstrand ሓላፊት ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ

SOLLENTUNA KOMMUN